ብዘየገድስ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግረሽን ኩነታቶም እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ይከላኸሉ። ሸፈነ ዘለዎም ኣስራሕቲ ምስ እዞም ሕግታት ከምእዘዙ ይግባእ። ሕነ ምፍዳይ ከልኩል እዩ።

ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ዕለታት ይፈላለ፡ ካብ 1 ሓምለ 2020 ይጅምር

ተልእኾ ናይ ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (Office of Labor Standards (OLS)) ምምዕባል ደረጃታት ዕዮ ብመንገዲ ዝተማህረ ኮምን ኣብ ንግዲ ብምጽማድን፡ ናይ ምምሃዝ ፖሊሲ ብምምዕባል ንውድድርን ማሕበራዊ ፍትሕን ምውፋይ።

እዚ ፖስተር ኣብ ቦታ ስራሕ ብእንግሊዝን ብሰራሕተናታት ዝዛረብዎም ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ኣብ ዝረአ ቦታ ክስቀል ይግባእ። ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ናይ ቋንቋ ምብራህን ምትርጓምን ከምኡ'ውን ንሱንኩላን መጣጥሒ የቕርብ።

ንሰራሕተኛታት ናይ ሆቴል ሓበሬታ ናይ መሰላት 2020

SMC 14.26
ምክልኻል ካብ መጥቃዕቲ

ንሰራሕተኛታት ካብ መጥቃዕቲ ወይ ብኣጋይሽ ዝግበር ግፍዒ ይከላኸል

እዚ ንመን ይምልከት?

ኣብ ናይ 60 ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት

ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥

- ናይ ራዕዲ መጠወቒ፡ እዚ ከኣ ኣብ'ቲ መደቀሲ ክፍሊ እናሰርሑ ወይ ናብ ናይ ጋሻ መደቀሲ ክፍሊ እናብጽሑ
- ካብ ናይ ሆቴል ኣጋይሽ ዝወርድ ተግባር ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ክሕለው
- ናይ ኣጋይሽ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ንኣስራሒ ምሕባር
- ኣብ ናይ ሓደ ጋሻ ክፍሊ ክሰርሑ ወይ ከብጽሑ ከይምደቡ እዚ ከኣ እንተዳኣ እዚ ጋሻ ብናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ተነጊርሉ እንተድኣ ኔሩ ኮይኑ

ካብ ዝተሰምዐ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ናይ ጋሻ ዝድሓነ ሰራሕተኛ እዚ መሰል ኣለዎ፥

- ናብ ካልእ ዝመረጾ ናይ ስራሕ ቦታ ክምደብ
- ሰራሕተኛ ምስ ዝመረጾም ምስ ናይ ሕጊ ተግበርቲ ወይ ሓገዝ ዝጎበረሉ ሰብ ንክዘራረብ ክሳብ 16 ሰዓታት ዝኸውን ዝኽፈሎ ክረክብ
- ምርካብ ዕድል ናብ ማእከል ምንጪ ሓበሬታ ብዛዕባ ወሲባዊ መጥቃዕቲ ናይ ኪንግ ካውንቲ (King County Sexual Assault Resource Center) ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት፡ ጸጋታት፡ ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ ምውካስ ደውል (24 ሰዓት መስመር)፡ 6423-998-888-1
- ኣብ ዝተመሓየሸ ሕጊ ናይ ዋሽንግተን 7.69.030 ሰፊሩ ዘሎ ምርካብ ጠበቓ ግዳይ ናይ ገበን

SMC 14.27
ናይ ስራሕ ጽዕነት ደረታት

ክፍልታት ናይ ምጽራይ ጽዕነት ስራሕ የጉድል

እዚ ንመን ይምልከት?

ኣብ ሓደ ሆቴል 100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘጽርዩ ብሰዓታት ናይ ዝዓዩ ሰራሕተኛታት

ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥

- ዝልዓለ 4,500 ትርብዒት ጫማ ናይ ኣጋይሽ ሆቴል ኣብ ናይ 8 ሰዓት ንመዓልቲ ዘጽርዩ (ኣቐዲሙ ንውሑድ ሰዓታት ዝተመዝነ)
- ካብ'ቲ ዝተፈቕደ ቦታ ንላዕሊ ምጽራይ ምእባይ
- ካብ'ቲ ዝተፈቕደ ቦታ ንላዕሊ ብሰንኪ ምጽራይ 3 ዕጽፊ ክፍሊት ምርካብ (ኣብ ዝበዝሐ ኩነታት)

SMC 14.28
ናይ ሕክምና ክንክን ናይ ምርካብ ዕድል

ንኣስራሕቲ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ክንብሩ ይጠልብ።

እዚ ንመን ይምልከት?

100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘለዎ ሆቴል ብውሕዱ ገምጋማዊ ን 80 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ወርሒ ዘጽርዩ ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት። እዚ ንዝድሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥

- ምርካብ ዝተማሓየሸ ዕድል ናይ ሕክምናዊ ክንክን ብመንገዲ ካብ ኣስራሒ ዝጥለቡ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት
- ኣስራሕቲ እዚ ወጻኢታት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክንብሩ ይኽእሉ፡

  (1) ናይ ተራ ኣታዊ ክፍሊታት
  (2) ብኣስራሒ ዝምወሉ መደባት ናይ ጥዕና መድሕን ክፍሊታት ከምኡ'ውን/ወይ
  (3) ናይ ግብሪ ሓገዝ ዘለዎም ናይ ጥዕና መደባት ክፍሊታት (ንኣብነት ወለድ ዘለዎ ናይ ጥዕና ኣካውንትታት)

ምጠናታት† 2020	
ወርሓዊ ወጻኢ	**ትሕዝቶ ስድራቤት**
420 ዶላር	ሲንግል/ በይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ
714 ዶላር	ሲንግል/በይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ ምስቶም ኣብኡ ዝምርኮሱ ሰባት
840 ዶላር	ኣብኡ ዝምርኮሱ ሰባት ዘይብሉ ኮይኑ መጻምዲ ወይ ካልኣዩ ዘለዎ ሰራሕተኛ
1,260 ዶላር	መጻምዲ ወይ ካልኣዩ ዘለዎ ሰራሕተኛ ምስ ኣብኡ ዝምርኮሱ ሰባት

†ምጠና ናይ ነፍሲ ወከፍ ካላንደር ናይ ዓመት ድሕሪ 30 ሰነ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣይግለጹን።

እንተድኣ ኣስራሒ ናይ ጥዕና መድሕን ሸፈነ ቀሪቡ፡ እዚ ሕጊ ኣብ'ታ ኣስራሒ መጀመርታ ክፋት ናይ ምዝገባ ግዜ ዝኸፈተላ ዕለት ድሕሪ 1 ሓምለ፡ 2020 እትኸውን ኣብ ግብሪ ይውዕል።

SMC 14.29
ሰራሕ ምዕቃብ

ድሕሪ ናይ ዋንነት ለውጢ ምኽያዱ ምዕቃብ ሰራሕተኛታት ይጠልብ።

እዚ ንመን ይምልከት?

ኣብ ናይ 60ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ብውሕዱ ን 30 መዓልትታት እቲ ትካል ቅድሚ ምሻጡ ኣብ'ቲ ሆቴል ምስ ዝሰርሑ። እዚ ንዝደሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥

- እቲ ትካል ዋንነት ይልውጥ ከምዘሎ ኣስተውዕል
- ኣብ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ኣስራሒ ብጽሑፍ ዝግበር ቀረብ ስራሕ (ብመሰረት ግድምና ዝግበር ቀረባት)
- ናይ ተስዓ መዓልትታት ስራሕ ምስ ሓድሽ ኣስራሒ፡ እዚ ከኣ ንሰራሕተኛ ንምስጓግ ብቕዕ ምኽንያት እንተዘይሃልዩ ወይ ምጉዳል ሰራሕተኛታት ኣድላዪ ምስ ዘይከውን (ብግድምና ምጉዳል)
- ኣብ 90 መዓልትታት ናይ ኣፈጻጽማ ስራሕ ገምጋም

ናይ ሰራሕተኛ መሰልካ ፍለጦ

ሕነ ምፍዳይ ከልኩል እዩ፡ እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ብመሰላቶም ብምሕጻሶም ወይ ብምጥቃሞም ካብ ሕነ ምፍዳይ ይከላኸሉሎም።

ክሲ ናይ ምምሰራት መሰል፡ ሰራሕተኛታት ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኂን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣስራሒ ነዞም ሕግታት ምስ ዝጥሕስ ክሲ ክምስርቱ መሰል ኣለዎም።

ተጸዋዒ፡
OFFICE OF LABOR STANDARDS

ኣስራሕቲ
ምቕሉል ሓገዝ ክረኽቡ ከምኡ'ውን/ወይ ስልጠና ክረኽቡ

ሰራሕተኛታት
ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኂን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣብ ቤ/ፍርዲ ክሲ ክምስርቱ

206-256-5297
www.seattle.gov/laborstandards

810 THIRD AVE, SUITE 375 SEATTLE, WA 98104 | ሰዓታት 8 AM–5 PM (ሶኒ–ዓርቢ) | LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV